# ሕጊ ሰብኣዊ መሰላት (ኮድ) መሰል መምበሪ ገዛ

ናይ **ኦንቴርዮ ሕጊ ሰብኣዊ መሰላት፡**
ክብርን ዋጋን ናይ ኩሉ ሰብ ይሕሉ

**መሰረታዊ ኩነት ሓለዋ ሰብኣዊ መሰል**
ኣብዞም ዝስዕቡ ኩነታት ብምምርኳስ፡ ዝኾነ ይኹን ኣድልዎ ክህሉ የብሉን፥

- ዕድመ
- ሱር ወለዶ፤ ሕብረ-ቖርበት፤ ዘርኢ
- ዜግነት
- መበቆል
- ትውልዲ ቦታ
- እምነት
- ስንክልና
- ደረጃ ስድራ ቤት
- ኩነታት መርዓ/ሓዳር (ዘይምርዕዋት ሓዊስካ)
- ጾታዊ መንነት፤ ጾታዊ መግለጺ
- ተቐባል ድጋፍ ካብ መንግስቲ ብምኳን(ብፍላይ ናይ ኣባይቲ)
- ጾታ (ብፍላይ ነፍሰ-ጾርን ኣጥበውትን ስለ ዝኾና ጥራሕ)
- ጾታዊ ዝምባሌ።

**መሰል መምበሪ ገዛ ማለት፥**

- ምሻጥ፤ ምዕዳግ፤ ምክራይ፤ ወይውን፡ ምስጓግ ካብ ቤት ክራይ፤ ካብ ኮንዶሚንየም፤ ካብ ንግዳዊ ንብረት ማለት’ዩ።
- እዚ መሰል ኣባይቲ፡ ናይ ሆቴል ክፍሊ ምክራይን፡ ካብኡ ምስጓግን’ውን የጠቓልል

**ምምራጽ ተኻራዪ**

- ኣካረይቲ፡ ወልቃዊ ታሪኽ ተኻራይን፡ ናይ ክረዲት ታሪኽ ከጻርዩ ይኽእሉ ኢዮም። ነገር ግን፡ ታሪኽ ናይ ክራይ ገዛን: ናይ ክረዲትን እተዘየልቦ፡ ንኸይካረዩ ኣይክልክሉምን ኢዩ።
- ኣካረይቲ፡ ሓበሬታ ናይ ተኻራዪ ደሞዝ ክሓቱ ይኽእሉ ኢዮም። ነገር ግን፡ ታሪኽ ናይ ክራይ ገዛን: ናይ ክረዲትን፡ ኣብ ግምት ከእትዉ ኣለዎም
- ኣድላዪ ዝኾነ ተወሳኺ ሓበሬታ ምቕራብ እንተዘይተኻኢሉ ግን፡ ሓበሬታ ናይ ተኻራዪ ደሞዝ በይኑ፡ መርኩስ ክኸውን ይከኣል
- ሓበሬታ ናይ ተኻራዪ ደሞዝ፡ ተኻራዪ ክኸፍ ል ከምዝኽእል፡ ንምርግጋጽ ጥራሕ ይግበር
- መሰረት መጠነ-ዝምድና ኣታዊ: ምስ ዋጋ ክራይ ገዛ (rent-to-income ratio) ምግባር፡ ንኣብነት፡ ምጉዳል 30% (30% cut-off rule) ተግባርዊ ምግባር፡ ንኣካረይቲ ዘይሕጋውያን ይገብሮም። ብፍላይ፡ ተኻራዪ: ነቲ ናይ ኣባይቲ መሰል: ብናይ ገንዘብ ድጋፍ መንገዲ (geared to income level) እንተዘይሓተተ
- ኣካራዪ ኣባይቲ፡ ንዋላሓደ ተኻራዪ: ናይ ዋሕስ መረጋገጺ ክሓትት ኣይግብኦን፡ ብፍላይ ንኹሎም ተኻረይቲ: ብማዕርነት: ዋሕስ ክህልዎም ዘይሓትት እንተኹይኑ። ንኣብነት፡ ሓደስቲ ስደተይናታት ወይ ተቐበልቲ መንግስታዊ ድጋፍ ስለ ዝኾኑ ጥራሕ።
- መምርሒ ሕጊ ቁጽሪ 290/98፡ ተወሳኺ ምጽራይ ምግባር ኣየፍቅድን።

**መሰል መምበሪ ገዛ: ሰብኣዊ መሰል ኢዩ**

- እዚ ሕጊ ሰብኣዊ መሰላት፡ ብዘይ ኣፋላላይን ግፍዕን፡ ማዕረ ኣተሓሕዛ፡ ክምዝህልወካ ይገብር።
- ብምኽንያት እቶም ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለዉ፡ መሰረታዊ ኩነት ሓለዋ ሰብኣዊ መሰላት፡ ኣካረይቲ ወይ’ውን ተኻረይቲ፡ ገዛ ክትካረ ክኽልክሉኻን፡ ዘይምዕሩይ ኣተሓሕዛ ክገብሩን የብሎምን። እዚ ግቡእነት ምሕላው መሰላት፡ ሰባት፡ ዝተፈላለዩ ድልየታትን፡ ዝተፈላለዩ ምፍትሒ ናይ ድልየታቶም ከምዘለዎም፡ ይኣምን።

- ***ግድነት ተቐባበልነትን ምጥጣሕን፥*** ኩሎም ወሃብቲ ስራሕ፣ ኣቕረብቲ ኣገልግሎታትን፣ ወነንቲ ገዛውትን፡ ኣካረይትን፡ ንኹሎም እቶም በዚ ሕግዚ ዝተሓለዉ ድልየታት መፍትሒ ከቕርቡ፡ ግድነቶም ከምዝኾነ ይገልጽ። እዚ ግቡእነት ምሕላው መሰላት፡ ኩሎም ደቂ ሰባት፡ ዝተፈላለዩ ድልየታትን፡ ዝተፈላለዩ ምፍትሒ ናይ ድልየታቶም ከምዘለዎም፡ ይኣምን። ንዝኾነ ሰብ፡ ካብ ምውናን/ምክራይ ገዛ፡ ድልየታቱ ካብቶም ናይ ካልኦት ድልየታት ዝተፈልየ ስለ ዝኾነ፡ ካብ ዝኾነ ይኹን መሰል ክትንጽሎ፡ ፍትሓዊ ኣይኮነን።

- ***ኣድላዪ ዘይኮነ ምስልሳልን ምጥጣሕን፥*** ድልየት ናይ ሰብ ስለ ዝኾነ ጥራሕ፡ ኣቕረብቲ ኣገልግሎትን፡ ወነንቲ ቤት ክራይን፡ ዝያዳ ጉድኣት ከምጽእ ዝኽእል፡ ኣይድላዩ ዘይኮነ ምስልሳል/ምጥጣሕ ክግበሩ የብሎሞን። ኣቕረብቲ ኣገልግሎትን፡ ወነንቲ ቤት ክራይን፡ እንተደኣ፥
  (i) ዝቐረበሎም ሕቶ ምስልሳልን ምጥጣሕን፡ ዘይዓቕሞም ዝኾነ ወጻኢታት ዝሓትት ኰይኑ፤ ወይ ከኣ፡ ፍታሕ ክረኽቡ፡ ናይ ደገ ፊናንሲኣዊ ሓገዝ ዘይረኽቡ ኰይኖም፣
  (ii) ዝቐረበሎሞ ሕቶ፡ ዓቢ ናይ ጥዕናን ድሕንነትን ሓደጋ ዘኸትል ኰይኑ፡

  ንዝቐረበሎም ሕቶ ምስልሳልን ምጥጣሕን፡ ክነጽግዎ፡ መሰል ኣለዎም።

**ምስልሳልን ምጥጣሕን ድሌታት ተኻረይቲ**

- በቶም ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለዉ፡ መሰረት ሕጊ ሰብኣዊ መሰላት፡ ንጹር ዝኾነ ሕቶ ኣሎ ኹይኑ፡ ኣካረይቲ፡ ንፍሉይ ድሌታትካ ከማልኡ ሓልፍነት ኣለዎም። እዚ፡ ሓልፍነት ምስልሳልን ምጥጣሕን ድሌታት ተኻረይቲ ይበሃል
- ኣካረይቲ፡ ክሳብ ዝያዳ ጉድኣት ከምጽእ ዝኽእል ዘይኮነን፡ ዘይዓቕሞም ዝኾነ ወጻኢታት ዝሓትት ዘይኮነን፡ ንድሌታት ከማልኡ ይግብኦም
- ንሕቶታትን ድሌታትን ተኻረይቲ ንኸማልኡ፡ ኣካረይቲ ካብ ደገ ፊናንሲኣዊ ደጋፋት ክሓቱ ይኽእሉ። እዚ ግን ምስ ናይ ጥዕናን ድሕንነትን ጠለባት፡ ክሰማማዕ ኣለዎ
- ኣብ ሃይማኖትን፡ ማሕበረሰብኣውን፤ ከምእውን፡ ኣብ ዓሌት ዝተመርኮዘ፡ ክማላእ ዘለዎ ሕቶን ድሌታትን ኣሎ ኹይኑ፡ ነዚ ምላሽ ንምርካብ፡ ምስ ኣካራዪ፡ ብግሊ ምዝታይ የድሊ። ኣካራዪ ኸኣ፡ ነዚ ኣብ መንነኹም ዝተግብረ ዘተ፡ ብስቱርነት ክዕቅብ፡ ሓልፍነት ኣለዎ።

**ንገዛ ክራይ ብዝምልከት፡ ጥርዓን ከተቕርብ እንተ ደለኻ፥ ምምሕዳር ኣካረይትን ተኻረይትን** (Landlord and Tenant Board): ኣብ: http://www.sjto.gov.on.ca/ltb ብምኽድ፤ ወይ ከኣ፡ ኣብ ናጻ ናይ ተሌፎን መስመር ቁጽሪ 1-888-332-3234፤ ናይ ቲቲዋይ (TTY) መስመር ቁጽሪ 1-800-855-0511: ክትጥቀሙ ትኽእሉ

**ቤት ፍርዲ ሰብኣዊ መሰላት**

ብዛዕባ ሰብኣዊ መሰላት ጥርዓን ከተቕርብ፡ ኣብ፥ www.hrto.ca ብምኽድ ንናይ ኦንቴርዮ ቤት ፍርዲ ሰብኣዊ መሰላት ከተመልክት ትኽእል።

ከምኡውን ኣብ https://www.hrlsc.on.ca/en/contact-hrlsc/contact-information ብምኻድ'ውን፡ ካብ ናይ ማዕከል ሰብኣዊ መሰላት፡ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ።

**ክሳብ ሕቶታትካን ድሌታትካን፡ ዘይኣድላዪ ሰዕቤንን ጉዳትን ዘኸትል ዝይኮነ፡ ብማዕርነት ክትተሓዝ መሰል ኣሎካ። እዚ መሰል እዚ፡ ኣብ ጉዳይ ኣባይቲ ነዞም ዝስዕቡ የካትት፥**

- ገዛ ንምክራይ መምልከቲ ምቕራብ
- ናይ ተኻረይቲ ሕግታትን መምርሒታትን ምቕራብ
- ምክንኻንን፡ ምዕራይ ዝተበላሸወ ንብትረትን
- ምጥቃም ኣገልግሎታትን መሳለጥያታትን
- ኣብ ዝተኻረኻዮ ቤት፡ ሓፈሻዊ ዕግበት ምርካብ
- ምኽታም ውዑል ክራይ ገዛን ኣገልግሎታትን
- መፍትሕ ናይ ማዕጾን፣ ምጥቃም ኣገልግሎታት ቤት ሕጽቦ፣ መሐምበሲ፣ ምጥቃም ናይ ሓባር ቦታ፡ ናይ ምትዕርራይ ኣገልግሎትን ምርካብ።

እዚ ሕጊዚ፡ ኩለን ምምሕዳር ከተማታት (ሙኒሲፓሊቲስ)፡ ከም ደንገግትን ኣኽበርትን ዓንቀጻት ሕጊ፡ ነዚ ናይ ኣባይቲ ሰብኣዊ መሰላት፡ ንገለ ክፋል ማሕበረሰብ፡ ዘይጎድእ ምዃኑ ከረጋግጻ፡ ይግበአን።

ኣብ እምነት ዝተመርኮዘ ግጭት ኣካራይትን ተኻረይትን፡ ብፍላይ ናይ ማሕበርስብ ኣባይቲ፡ ነቲ ግጭት ብግቡእ ተረዲኦም፡ መፍትሒ ምእንቲ ክረኽቡ፡ በዚ መዳይዚ ብቑዕ ስልጠና ዝረኸቡ ኪኢላታት ከምጽኡ ይግባእ።

ብዙሓት ሰባት፡ ነዚ ናይ እምነት ግጭት፡ ኣካረይቲ ይኹኑ ሰብ ኣባይቲ፡ ተገዲሶም ኣይርእይዎን፡ ኣጽጋቢ ፍታሕውን ኣየምጽኡን ኢዮም፡ ኢሎም፡ ጥርዓኖም ኣቕሪቦም ኢዮም። እዚ ሕጊዚ፡ ናይ ተኻረይቲ ሕቶታትን ድሌታትን፣ ናይ ምስልሳልን ምጥጣሕን ግድነት፡ ኣካረይቲ ወይ ሰብ ኣባይቲ፡ ብብቕዓት ተገዲሶም ክከታተልዎን፣ ብዘይ ገለ ምፍልላይን ኣድልዎን፡ ምላሽ ክህብሉን ይግብኦም።

**እዚ ሓበሬታዚ ካበይ ተረኺቡ፥**

ከም ሓደ ክፋል ናይ HUQUQ: Muslim Women's Human Rights Education and Awareness Project: ምስ ሃገራዊ ቤት ምኽሪ ካናዳውያን ሙስሊምን ብምምኽኻርን (National Council of Canadian Muslims): ብፍናንሲኣዊ ደገፍ ናይ ክፍሊ ካናዳዊ ሀሪቴጅን ( Department of Canadian Heritage)፡ ካብ ናይ ኪችነር ዋተርሉ ማሕበር ሙስሊም ደቂ ኣንስትዮ (The Coalition of Muslim women of KW)፡ ዝተረኽበ ኢዩ።

**ንሓበሬታ፡ ኣብ cmw.info@cmw-kw.org; ብምኻድ: ወይ ኣብ ቁጽሪ ተሌፎን519-576-0540 ext. 3565 ብምድዋል: ክትረኽቡ**